# ዓሸራይ ዓመት ዝክረ ዓይደር
# ኣብከተማ መቐለ

## እምነ ኩርናዕ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር ተቐሚጡ
## (Ayder Memorial Library)

መንግስቲ ውልቀመላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብልዕሊ ህፃውንቲ ተምሃሮ ቀዳማይ ብርኪ ቤትትምህርቲ ዓይደር፣ መማህራን፣ ወለድን ንሓገዝ ዘርከቡ ካልኦት ሲቪላትን ብክላስተር ቦንባታት ብነፈርቲ ዝፈፀሞ ፋሽስታዊ ግፍዒ ዓሸራይ ዓመቱ ብሰንበት ባሕቲ ሰነ 2000 ዓ/ም ኣብከተማ መቐለ ብድሙቕ ስነስርዓት ተዘኪሩ።

በቲ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ዝተፈፀመ መንግስታዊ ፋሽዝም ንጓል ኣርባዕተ ዓመት ህፃን ሄለን ሓዊሱ 54 ህፃውንቲ ተምሃሮ መማህራን ወለድን ንሓገዝ ዘርከቡ ካልኦት ሲቪላትን እንትቕተሉ ልዕሊ 200 ወገናትና ድማ ቁሱላትን ጉዱኣት ኣካልን ምኳኖም ይፍለጥ።

ኣብዚ ስነስርዓት ዝክረ ዓሸራይ ዓመት ሰማእታትን ጉዱኣት ኣካልን ዓይደር ፕረዚደንት ምምሕድዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ፀጋይ በርሀ ተረኺቦም እምነ ኩርናዕ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር ዘንበሩ እንትኾን፣ ወለድን ስድራን ሰማእታትን ጉዱኣት ኣካልን ከምኡ እውን ብርክት ዝበለ ህዝቢ ከተማ መቐለ ተረኺቦም ነይሮም።

እዚ ስነስርዓት ዝክረ ዓይደር ብሓይሊ ኣየርን ጦር ምድሪን ኢትዮጵያ፣ ከምኡ እውን ብሰራዊትን ኦርኬስትራን ፖሊስ ክልል ትግራይ፣ ብተምሃሮን መማህራንን፣ ብዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ምርኢታት ግጥምታትን ካልኦት ምድላዋትን ዝተሰነየ ከምዝነበረ ካብመዳለዉቲ እቲ ስነስርዓት ዝኸሪ ዝበፅሐና ፀብፃብ ይሕብር።

ነዚ ስነስርዓት ዝኸሪ ዝገልፁ ፎቶግራፋትን ቪዲዮን ከምኡ እውን ንስምዒት ዕዱማት ኣጋይሽን ህዝብን ዘስቆርቆሩ ስም ውልቀ ሰማእታት ዓይደር እናቕርሑ ዝቐረቡ ግጥምታት ምስበፅሑና ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝክረ ዓይደር www.zkreayder.org ነቕርቦም ምኳና ኣቐዲምና ንሕብር።

ንሰማእታትን ጉዱኣት ኣካልን ዓይደር መዘከርታ፣ ንወለዶ ድማ መምህሪ፣ ንዝኾነ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር ንምህናፅ ኣብዝግበር ዘሎ ዓለምለኻዊ ምንቅስቓስ፣ ኢትዮጵያውያንን ፈተውቲ ኢትዮጵያን ኣብብዘለናዮ ኮይንና ዝኽኣልናዮ ንኽነወፊ ወገናዊ መፀዋዕታ ነቕርብ።

ኮሚቴ ፕሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር
amel@zkreayder.org
ዋሽንግተን ዲሲ